# ፖለቲካዊ ቻርተር

# ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን

4 መጋቢት 2005

# ፖለቲካዊ ቻርተር
# ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን

## መእተዊ፦

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ሰላማውን ዕጥቃውን ቃልሲ ዘካየደ ሓርነቱን ክብሩን ብምርግጋጽ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ንቕድሚት ብምምራሽ ብልጽግና ናይ ምርግጋጽ ባህጊ ስለ ዝነበሮ እዩ። ነዞም ሸቶታት እዚኣቶም ንምርግጋጽ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ ባዕዳዊ ጎበጣ ካብ ሃገሩ ከም ዝለቅቕ ገይሩ፡ ሃገራዊ ነጻነት ብምዕቃብ ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊቡ። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣሰጋገሮ። ንሱ ድማ ነጻ ሃገርን ሓራ ዜጋን ምህናጽን ዘጠቓለለ ነበረ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሰላምን ደሞክራስን ፍትሕን ሓርነትን ማሕበራዊ ርግኣትን ዝሰረቱ ኣብ ጅግንነታዊ ሃገራዊ ተጋድሉኡ ንዘደልደሎ ሃገራዊ ሓድነቱ ተሞርኲሱ፡ ኣብ ናይ ህንጸት ግጥሚያ ንክኣቱ ድሉው ምጽንሑ ርጉጽ እዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ነዊሕ ጉዕዞን ዓብዩ መስዋእትን ልዑል ድሌታትን ህዝብና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብምትካል ተኾልፈ። እዚ ኸኣ ተቓላሳይ ህዝብና ዘይተጸበዮ ዓቢ መስደመም ተረኺቦ ኣብ ርእሲ ምኳኑ ምስቲ ሓርነታዊ ባህግታቱን ክብሩን ተራጸመ። እቲ እተመስረተ ስርዓት ህዝብና ኣብ ናጻ ሃገሩ ንኽነብረሉ ዝግብኦ መሰላት ብሱሩ ተመንዚንዎ። ኣብ መቕድም ናይቶም በቲ ስርዓት ዝተፈጸሙ ግህሰታት ድማ ህዝብና ኣብ ክሊ ውሽጣዊ ሰላም ናይ ሎምን መጻእን ዕድሉ ንኽውስን ዘለዎ ፖለቲካዊ መሰል ምእጋድ እዩ። ከምኡ እውን ኤርትራ ኣብዚ እዋንን መጻእን ነብሳ ንምህናጽ ብደረጃ ዞባን ዓለም-ለኸን ብሰላም ንኽትነብር ዘሎ ተደላይነት ዓቢ ምኳኑ ክንሱ ህዝብና ተቐዪዱ ይርከብ።

ፖለቲካዊ ስልጣን ተቖጻጺሩ ሃገራዊ ቃልሲ ዘዕቆቦም መኽሰባት ንምግባት ገዛኢ ስርዓት ህግደፍ መሬት ኤርትራ ሓራ ንምውጻእ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ግጥምያ ታሪኻዊ እጃም ዝነበሮም ፖለቲካዊ ሓይልታት ክእግድ ጀመረ። ናይ መላእ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ብምጭፍላቕ ኣብ ምልኪ ሓደ ሰብ ዝተጠቓለለ ፍጹም ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተኸለ። ብውሽጥን ብደገን ብዝተኸተሎም መዕነውቲ ፖሊሲታት ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ምስ ኣሳጠሐ ኣብ ውሽጢ ገዛኢ ሰልፊ ንዝተኸስቱ ናይ ምእራምን ለውጥን ሕቶታት ከይተረፈ ብዓመጽ እዩ ዝመለሰ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ድሕሪ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ናጽነት ኤርትራ፡ ፖለቲካዊ ምርኢት ኤርትራ ምስ እንዕዘብ ነዞም ዝስዕቡ ኣቐንዘውቲ ሓቅታት ጎሊሆም ይረኣዩ። ንሳቶም ድማ ምድኻም ሃገራዊ ሓድነት፤ቅዋማዊ ትካላት፡ ግዝኣተ-ሕግን ስለዘቦኾሩ ግህሰት መሰላት ወዲ-ሰብ ብኣዝዩ ክብ ዝበለ ደረጃ ይፍጸም ምህላው፡ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገር ስርዓቱ ንዝከላኸሉ ናይ ጭቆና ትካላት ንምህናጽ ይባኽን ምህላው፤ ንዞባዊ ርግኣትን ጸጥታን ንሓደጋ ዘሳጥሑ ውግኣት ምጽሕታሩ ቀጻሊ ምኳኑ፤ ህዝቢ ኤርትራ ደሙ ዘፍሰሰሉን ዝተሰውኣሉን መሬቱ ራሕሪሑ ንስደት ተሳጢሑ ምህላው፤ ከምኡ'ውን ከም ውጽኢት ናይዚ መላኺ ስርዓት ዝፍጽሞ ግፍዕታትን ዝዘርግሖ ብልሽውናን ጥዑይ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ውርሻታት ፈሪሶም፡ ብልሽውና ንስነ-ስርዓትን ማሕበራዊ ባህልን ክትክኡ ምርኣይ ንባህሪ ናይዚ ስርዓት'ዚ ንምግንዛብ እኹላት ኣብነታት እዮም።

ህዝብና፡ ሓርነቱን ክብሩን ንምርግጋጽን ደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምትእትታውን ዘለዎ ባህጊ ንምትግባር ወትሩ ክቃለስ ድሉው ምኳኑ ሩዱእ እዩ። ነዚ ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ኩነታት ንምቕያር፡ ኩሎም ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ምልካዊ ስርዓት ዝቃወሙ ዘለው ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ኣብ ሰፊሕ ጠርናፊ ሃገራዊ ግንባር ክሰምሩ ግድን እዩ። ከምዚ ዝኣምሰለ ናይ መላእ ተቓወምቲ ሓይልታት ሰፊሕ ግንባር ስምረት ከኣ ሓፋሽ ህዝብና ኣብ ዙርያኡ ክዓስልን ክቃለስን ብምግባር መዋእል ጸረ- ህዝቢ ዝኾነ ምልካዊ ስርዓት ክሓጽር ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተሰረተ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካልን ምቹእ ባይታ ይፈጥረሉ። በዚ መልክዕ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ምስ እትምስረት ምስ ከባቢኣን ዓለምን ብሓፈሻ ዝህልዋ ዝምድናታት ዱልዱል ኰይኑ፡ ዞባዊ ርግኣትን ጸጥታን ንምርግጋጽ ሓላፍነታ ክትስከም እትበቕዕ ክትከውን ትኽእል፡ ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን፡ ሓባራዊ ጠቕምታት ዘገልገለ ሰረት ዝምድናን ንምንጻፍ ድማ ትበቅዕ።

ምምስራት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ንተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ንምጥርናፍ ዝተወስደ ኣገዳሲ ተበግሶ ኣብ ልዕሊ ምኳኑ ንኹሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ንምውዳብ ዝተኻየደ ጻዕሪ እዩ። ደሞክራሲያዊ ለውጢ ክነምጽእን ዕላማታትና ክነረጋግጽን ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታትና ዝሕልው ዝምድናታት ብምስራዕ ብብሩህ መልክዑ ንመድረኻዊ መደብ-ዕዮ ዘንጸባርቕ ፖለቲካዊ ቻርተር እነሆ።

## ቀዳማይ ዓንቀጽ
## መበገሲታትን መቔሚታትን

ብስምምዕ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ዝቖመ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ነዞም ዝስዕቡ መቔሚታትን መበገሲታትን ከም ሰረቱ ይወስድ።

1. ኣብ መዋእል ጅግንነታዊ ቃልሲ ዝሰረጸ ሃገራዊ ሓድነት ምዕቃብን ምድልዳልን።
2. ብተጋድሎ ህዝቢ ዝተረጋገጸ ልዑላውነትን፡ ሓድነት መሬትን ህዝብን ኤርትራ ምዕቃብ።
3. ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ፍትሕን ማዕርነትን ምርግጋጽ።
4. መትከላት ሓርነት፡ ሃይማኖትዊ፤ ባህላዊ እምነትን፡ ጠቕላል ሓርነትን ባህላውን ብዙሕነት ብሄራትን ምእማን። ንዜግነት ከም መሰረት ጉቡኣትን መሰላትን ምውሳድ። ብሄራት ኤርትራ ኣብ መሰረት ማዕርነትን ሕድሕድ ምክብባርን ጉዳያቶም ባዕላቶም ናይ ምውሳን መሰል ምርግጋጽ።
5. ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ቅዋም፡ እስላም ኣብ ጉዳይ ሂወቶም ንሽሪዓኦም ከተግብሩ መሰል ይህልዎም። ከምኡ'ውን ክርስትያንን፡ ባህላውያን ኣመንትን ንሃይማኖታዊ መምርሒታቶምን ያታዊ ሕግታቶምን ከተግብሩ መሰል ይህልዎም።
6. ኵለን ቋንቋታት ኤርትራ ምዕሪ እየን። ካብ መንጎ ሃገራውን ቋንቋታት ኤርትራ ዓረብኛን ትግርኛን ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ ኢየን። ብሄራት ኤርትራ ቋንቋተን ንምጥቃምን ምምዕባልን ዘለወን መሰል ምኽባር።
7. ንሰላማዊ ምቅብባል ስልጣን፡ ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ዝኣምንን ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብርን ኣብ ሰልፋዊ ብዙሕነት ዝተሰረተ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ተቐቢልካ ንምትካል ምቅላስ።
8. ኣብ ኤርትራ ቅዋም ዘውሕሶ ዘይምእኩል ስርዓተ-መንግስቲ ምትካል።
9. ኣብ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰላት ምኽባርን ምክልኻልን።
10. ምስ ሃገራት ዓለም ብሓፈሻ፡ ምስ ጐረባብቲ ህዝብታትን ሃገራትን ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ሰላምን ምትሕግጋዝን ሕድሕዳዊ ምክብባርን ሓባራዊ ጥቕምታትን፡ ብኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዕላትን ምም□ዛዝ ዝተመስረተ ሃናጺ ዝምድናታት ምፍጣር።

## ካልኣይ ዓንቀጽ
## መድረኽ ቃልሲ ጸረ-ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ

1. ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውዳቕን፡ ኣብ ክንድኡ ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዝሑነት ዝተሰረተ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካልን ይቃለስ።
2. ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ከከም ኩነታቱ ኣድላዪ ኣገባብ ቃልሲ ይጥቀም። ንከመይነት ኣፈጻጽማኡ ድማ ንመሪሕነት ይግደፍ።
3. ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ናይ ፖለቲካዊ ውደባ ሓርነት ብዝተፈላለየ መልክዓቱ የኽብሮ።

## ሳልሳይ ዓንቀጽ
## መሰጋገሪ መድረኽ

<u>ቀዳማይ፦</u> መሰጋገሪ መድረኽ፡ ካብ ምልጋስ ህልው ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክሳብ ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ እተመርጸ መንግስቲ ዝቔመሉ ዘሎ ግዜ ዘመልክት ኢዩ።

<u>ካልኣይ፦</u> ግዝያዊ መሰጋገሪ ስልጣን፡

ሀ. ግዝያዊ መንግስቲ፡ ካብ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ይቖውም።
ለ. ዕድመ ግዝያዊ መንግስቲ ሓደ ዓመት ይኸውን።

<u>ዕማማት ግዝያዊ መንግስቲ፦</u>

1. ኣብ መልእ ሃገረ-ኤርትራ ርግኣትን ሰላምን ንምስፋን ይነጥፍ።
2. ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ይፈትሕ።
3. ንሓርነት ዝቕይድ ሕግታት ይስርዝ።
4. ዋዕላ ሃገራዊ ስኒት ንምግባር ይዓዪ።

<u>ሳልሳይ፦</u> ዋዕላ ሃገራዊ ስኒት፦

ዋዕላ ሃገራዊ ስኒት፡ ንኹሉ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ንጽፍሕታት ሕብረተ- ሰብን ኤርትራ ዝውክሉ ክፍልታትን ዝጥርንፍ እዩ።

ራብዓይ፦ ዕማም ዋዕላ ሃገራዊ ስኒት፦

1. መሰጋገሪ ቻርተር የጽድቕ።
2. ንሕይልታት ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ብዝውክሉ፡ ሃገራዊ መሰጋገሪ ባይቶ የቕውም።
3. ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ናይ ግዜ ሕጋውነት ይውስን።

ሓሙሻይ፦ ዕማም ሃገራዊ መሰጋገሪ ባይቶ፦

1. መሰረታዊ ሓርነትን ናይ ፕረስ ሕግን ዘነጽር ግዝያዊ ሕግታት ይሕንጽጽ።
2. ንፖለቲካዊ ሰልፍታትን፡ ንምርጫታትን ዝገዝኡ ሕግታት፡ ብክኢላታት ኣካላት ብዝቼመ ሽማግለታት ተጸኒዖም ዝሕንጸጹሉ መደባት ይሰርዕ።
3. መሰጋገሪ መንግስቲ የቕውም።
4. ኣብ ውሳኔታት ዋዕላ ሃገራዊ ስኒትን ውሳኔታት መሰጋገሪ ባይቶን ብምምርኳስ ንመሰጋገሪ መንግሰቲ ይከታተልን ይቈጻጸርን።

ሻድሻይ፦ ዕማማት መሰጋገሪ መንግስቲ፦

1. ዋዕላ ሃገራዊ ስኒትን መሰጋገሪ ባይቶን ብዘጽደቖ መደባትን መምርሒትን ንሃገር የመሓድር።
2. ኮምስዮን ቅዋም የቕውም።
3. ናጻ ኮምስዮን ጠቕላላ ምርጫታት የቕውም።
4. ጠቕላላ ናይ ህዝቢ ምቕጻር ዝካያደሉ መደብ ይሰርዕን ይፍጽምን።
5. ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ንምምላስን ንምጥያስን ይሰርሕ።

ሻቡዓይ፦ ዕድመ መሰጋገሪ መንግስቲ፦

ዕድመ መሰጋገሪ መንግስቲ ክልተ ዓመት ይኸውን። ዕድሜኡ ምስ ኣብቅዐ፡ ስልጣን ናብቲ ዝተመርጸ መንግስቲ የረክብ።

## ራብዓይ ዓንቀጽ
## ሓፈሻዊ ጉዳያት

1. ዋዕላ ሃገራዊ ሰኒት ሓጋጊ መሰጋገሪ ስልጣን ብምቛም ሓላፍነቱ ይዛዝም።
2. ሓፈሻዊ ምርጫታት ክሳብ ዝካየድን፡ ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ባይቶ ክሳብ ዝቐውምን፡ ቀዋሚ ቅዋም ክሳብ ዝጸድቕን ሓጋግን ፈራድን ስልጣንት ጐኒ-ንጐኒ መሰጋገሪ መንግስቲ ዕማማቶም እናፈጸሙ ይጸንሑ።
3. ማእከላይ መሪሕነት ኪዳን ብዛዕባ መሰጋገሪ መድረኽ ዝርዝር ሰነዳት የዳሉ።
4. እዚ ቻርተርዚ ንምምሕያሹ መሰልን ሓላፍነትን ዘለዎ ማእከላይ መሪሕነት ጥራሕ እዩ።

**ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተር ዝኸተማ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍትትን**

1. ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ
2. ዲሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ
3. ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ
4. ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
5. ምንቅስቓስ ዲሞክራሲያዊ ተቓውሞ ኤርትራ /ጋሽ-ሰቲት/
6. ፈደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ
7. እስላማዊ ሰልፊ ኤርትራ ንልምዓትን ፍትሕን
8. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
9. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሃገራዊ ጉባኤ
10. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ስሙር ሃገራዊ ውድብ
11. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ
12. ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ
13. ህዝባዊ ጉባኤ ኤርትራ
14. ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ
15. ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ
16. ሰውራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ

መስራቲ ኣኼባ
ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን
4-መጋቢት 2005